# ቅሉዕ መልሲ ንወይዘሮ ሜሮን እስቲፍኖስ

ሰላም ሜሮን

እቲ "ኣብ ቅልዕቲ ደብዳቤ ናብ ኣዳለውቲ ፈስቲቫል ካስል" ኣብ ዝብል ኣርእስቲ ዝሰደድክዮ መልእኽቲ ኣንቢበ: ብሓቂ ኽኣ ደንጽዩኒ::

ኣነን ንስኺን ኣጋጣሚ ኣብ ፓልቶክ ምስ ተራኸብና ሓደ ካብቲ ብዙሕ ዘዕለልናሎም ጉዳያት ጉዳይ ፈስቲቫል ካስል ምስ ኣልዓልና ኣነ ከኣ ናይ ዕድመ ደብዳቤ ከምዝተላእኸልኪ ይፈልጥ ስለ ዝነበርኩ ከም ዝብጽሓክን ከምጸይበጽሓክን ሓቲተኪ ኣይመጸኒን ኢልክኒ:: እሞ ነቲ ክልእኽልኪ ዝተመዘዘ ኣካል ረኺበ እታ ዕላዊት ደብዳቤ ክሰደልኪ እየ ኢለኪ: ሕራይ ኢልኪውን በታ ክሰደልኪ እትደልይያ መይል ሂብክኒ: ከም ውዕልና መሰረት ከኣ ሰዲደልኪ::

ብዲሕሪኡ ውን ብስልኪ ከምዝበጽሃኪን ከምዘይበጽሓክን ሓቲተኪ: በጺሑኒ ኣሎ የቐንየለይ ጥራሕ ኢኺ ኢልክኒ:: ከምትመጽን ዘይትመጽን ውን ሽው ኣየዕለልናን::  ንዓይን ንዓኽን ከራኽበና ዝኽኣለ ጉዳይ ኣብ ደንማርክ ብምንባሩ ከኣ ብኣካል ተራኪብናስ ኣብ ሓደ ጣውላ ውን ኣምሲና::

ካብቲ ብዙሕ ዘዕለልናዮ ሕጂውን ጉዳይ ፈስቲቫልን ዝተላእከልኪ ናይ ዕድመ ደብዳቤን ኣልዒልና ኣብ ዝዘተናሉ:: "ኣነ ነዛ ፈስቲቫል ልክዕ ከም ዓሚ ሎሚ ዓመትውን ብዙሕ ሃሪፈያን ተጸብየያን ኔረ እየ ግን ከምዝሪእዮ ዘለኩ ኣይክትጥዕመኒን እያ ምኽንያቱ ዓመት ዓመት ኩልና ቤተሰብ ተራኺብና ካብ ስቶኮሎም ወጻኢ ገዛ ተኻሪና ንሰሙን ብሓደ ከነሕልፎ መደብ ይወጽእ እሞ: ኣነ ወይ ገለ ስራሓት ወይ መገሻ ስለ ዝረክብ ኩልግዜ ብሰንከይ ነቲ መደብ ስለ ዘይትግበር ዝነበረ: ሎሚ ግን ኣደይ: ሓትነይ: ኣኮታተይ ብዙሓት ቤተ ሰብ ካብ ዝተፈላለየ ሃገራት ዓለም ኣብታ ፈስቲቫል ካስል ትውዕለላ ሰሙን ካብ ስቶኮሎም ወጻኢ ብሓደ ከነሕልፎ ስለ ዝተመደበ ኣይክትጥዕመንን እዩ ኢልክኒ:: ኣነ መልኽቲ ስደዲ ኣይበልኩኽን ንስኺ ግን ኣስዕብ ኣቢልኪ: ኣስፍሕ ኣቢለ ናይ ምስጋና ደብዳቤ ክልእኽ ይግባኣኒ ግን ምስ ዘለኒ ግዜ ዝጥዕመኒ ኣይመስለኒን፡ ዝኾነ ኮይኑ ሓደራ: "ናይ ዕድመ ደብዳቤ ምስዳዶም ኣመስግነለይ: ዕዉት መበል 25 ዓመት ኢዮቤል ይግበሮ ኢላትኩም በለለይ: እንዳደለኽዎ ግን ከኣ ክጥዕመኒ ዘይምኽኣሉ ሓብረለይ" ኢልክኒ: ኣነ ኽኣ ኣብ ቅድመኺ እተን ዝበልክኒ ጽሒፈየን:: ግን እንኪ ፈርምሉ ኣይበልኩኽን::

ኣስዕብ ኣቢልኪ ወላ ብኣካል ኣይሃሉ እንበር ነቲ ፈስቲቫል ኣብ መዲያ ንምቅልዑ እንተደሊኹም ኣብ መሰልና ደሊና ከቃልዓልኩም ይኽእል እየ - እንተድኣ ዝጥዕመካ ግዜ ወሲንካ ንስኻ ወይ ውን ካልኦት ዝኾነ ካባኹም ብዛዕባ ፈስቲቫል ካስልን ታሪኹን ነዚ ሕጂ ዝካየድ ዘሎ መበል 25 ዓመት ኢዮበልን ጠቒስና ቃለ መጠይቕ ቐጥታ ብስልኪ ኣብ መሰልና ደሊና ክንፍንዎ ክተሓባበረኩም ይኽእል እየ ኢልክኒ:: ነዘን ቃላትኪ ውን መዝጊበየን: ፈርምለይ ግን ኣይበልኩኽን:. ጽቡቕ ሓሳብ በሊ ኣነ ባዕለይ ድየ ወይስ ካልእ ብስልኪ ክንራኸበኪ ኢና: ኢለኪ ኣነ ከም ውዕለይ: ንስኺውን ከም ቃልኪ: ነቲ ፈስቲቫል ካስል ብቃለ-መሕትት ኣብ ራዲዮ መሰልና ደሊና ከምዝቓላዕ ንምግባር ሃይለ ወልደሚካኤል ሓቢሩኒ ምስ ዝበለኪ ብጻይ ተራኺብኪ:: ዝምስገን ስራሕ ከኣ እዩ::

ድሕሪ ፈስቲቫል ካስል ምዝዛሙ: ኣነን ንስኽን ብስልኪ ተራኺብና ካብቲ ብዙሕ ዘዕለልናሎም ጠቐምቲ ጉዳያት ከም ንኣብነት ብዛዕባ ቃለ-መሕትት ኣብ ራዲዮ መሰልና ደሊና: ከምኡውን ብዛዕባ ፈስቲቫል ምንባሩን "መልእኽትኺ ንዕዱማት ፈስቲቫል ባዕለይ ኣብጺሔልኪ ኣሎኩ ኢለኪ የቐንየለይ ውን ኢልክኒ"

እቲ ጉዳይ ከምዚ ስለ ዝነበረ ኣነ ብወገነይ ዝኾነ ሰብኣዊ ግህሰት ኣብ ልዕሌኺ ተጓኒፉ ዝብል ኣረኣእያ የብለይን: እቲ ጽሑፉ ኣብ ፌስቲቫል ከምዝተነበ ሰባት ነጊሮሙኒ ዝበልክዮ ነጊሮምኺ ክኮኑ ይኽእሉ እዮም ግን ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝሓበርኩዎ ኣነ ባዕለይ ደዊለ እየ ሓቢረኪ::

ነቲ ኣብ ፌስቲቫል ምንባቡ ሽለል ምባልኪ ግን ኣብ መርበብ ሃቤረታ "ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ" ምልጣፉ ወላ ውን ከምቲ ዝበልክዮ መንፈሱን ትሕዝትኡን ናትኪ ይኹን እንበር ልክዕ ከምቲ ፈርምለይ ዘይበልኩኺ ኣብ መርበብ ሓቤረታ "ንኽልጠፍ" ፍቃድ ዘድልዮ ኮይኑ ኣይርኣየኒን ኣይሓተትኩኽን ከኣ::

ምስ ሰናይ ትምኒት

*ሃይለ ወልደሚካኤል ብርሃነ*